ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታትን ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታን

VluchtelingenWerk Nederland

ተወሳኺ ሓበሬታ
ሕቶታት እንተኣሊካ ከምኡውን ዝያዳ ሓበሬታ እንተደለኻ ናብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ኣብ Eindhoven ብ፡ኣድራሻ info-zuid@vluchtelingenwerk.nl ከምኡውን ተለፎን ቁጽሪ 06-17003409 ክትራኸብ ትኽእል።

ሰራሕተኛታታ ናይ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ንዓማዊሎም ብዝግባእ ንምሕጋዝ እቲ ዝከኣሎም ይገብሩ።
ጽቡቕ ሓገዝ ንምሃብ ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ምምዝጋብ ኣድላዪ እዩ። ነዚ ንምግባር ግን **ነቲ ናይ ብሕቲ ጉዳይካ** ንክሕለወልካ ነቲ ዝሃብካዮ ሓበረታ ብጽቡቕ ክተሓዝ ናይ ግድን ኣገዳሲ እዩ።
ኣብዚ ጽሑፍ ኩሉ ብዛዕባ ናትና ምዝገባን **ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ከመይ ጌርና ከምንሕዞም** ክትንብብ ኢኻ።

ምዝገባ

ምዝገባ መዓስ እዩ ዝጅምር?
መጀመርያ ግዜ ናብ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ኣብ ትመጻሉ እዛ ጽሕፍቲ ይወሃበካ። ምስኡ ብሰራሕተኛ ብዛዕባ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ዘለና ኣተሓሕዛ ሓጺር መግለጺ ይወሃበካ።
ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ብመሰረት ሕግታታ ናይ መንግስቲ* ንምዝግብ። እዚ ማለት ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ንምምዝጋብን ንካልኦት/ካልእኦ ትካላት ምሕላፍን ፍቓድ ናትካ የድሊ ማለት እዩ። ንኣብነት ብዛዕባ ምጽንባር-ሕብረተሰብ (inburgering) ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ን DUO (ክፍሊ ትግባረ ትምህቲ) ንህብ ወይ ንመንበሪ-ቤት ምድላይ ናትካ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ምስ ምምሕዳር ንለዋወጥ። ሰለዚ ናይ ፍቓድ ምሃብ ፎርም ፈሪምካ ክትህበና ንሓትት። እዚ ፎርም ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ኣሎ።

እንታይ እዩ ዝምዝገብ?
ንስኻ ከም ዓሚል መጠን ዘድልየና ናትካ ናይ ውልቂ ሓበረታ ከም ስምን ስም ኣቦን፡ ዝተወለድካሉ ዕለት፡ ቪ-ቁጽሪ ወይ BSN ቁጽሪ፡ ኣድራሻ ናይ ገዛኻ፡ ወዘተ። ከምኡውን ኣብ መዝገብካ ሓበረታ ንኣብነት ናይ ስደት ዛንታኻን ከምኡውን ንዓኻ ብዛዕባ ሕጋዊ መስርሕ ንምሕባር ዘድሊ ሓበረታታት ነቐምጥ ኢና። ንሕና ንናትካ ናይ ውልቂ ሓበረታ ኣብ ዲጂታል መዝገብ ንዓቕሮ። ሳሕቲ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ውን ናይ ወረቐት መዝገብ ኣሎ።

* ማለት መምርሒታታ ናይ ሓላዊ, ብዓል-ስልጣን ናይ ውልቂ ሓበሬታ; https://autoriteitpersoonsgegevens.nl/ ከምኡውን ሕጊ ሓለዋ ናይ ውልቂ ሓበሬታ (Wbp).

ንምንታይ ይምዝገብ?
ምዝገባ ናይ ሓበረታ ንዓናን ንዓኻን ኣገዳሲ እዩ። ንሕና ንዓኻ ክንሕግዝ ንኽእል ኩሉ ዘድሊ ሓበረታ ኣብ (ዲጂታል) መዝገብ ምስዝሰፍር ጥራሕ እዩ። ምዝገባ ውን ሳሕቲ ነቶም ንዓና ገንዘባዊ ሓገዝ ዝገብሩልና ከም ምምሕዳር ብዛዕባ ንሕና ንህቦ ኣገልግሎት ንክንገልጸሎም ኣድላዪ እዩ።

ሓለዋ ናይ ብሕቲ ጉዳይ

ናይ ብሕቲ ጉዳይካ ከመይ ጌርና ኢና ንሕሉ?
እቲ (ዲጂታል) መዝገብ ዕጹው እዩ። ሰራሕተኛታት ናይ ማሕበር ምትሕግጋዝ ስደተኛታት ጥራሕ እዮም ናብዚ ስርዓተ-መዝገብ ክኣትዉ ዝኽእሉ። ከምኡውን ናትካ ናይ ውልቂ ሓበረታ መን ክርኢ ከምዝተፈቕዶ ውዕል ኣሎ።
ብተወሳኺ ኩሉም ሰራሕተኛታትና ናይ ምስጢር ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም።

መዝገበይ
መዝገብካ ክትርኢ መሰል ኣለካ፡ እዚ ንሰራሕተኛ ናይ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ክትሓትት ትኽእል

ኣብ መዝገበይ ገለ ነገር ዶ ክቕየረለይ ይኽእል ዶ?
ኣብ መዝገብ ዘሎ ሓበረታ ቅኑዕ ክኸውን ኣለዎ። ገለ ካቡቲ ሓበረታ ቅኑዕ ኣይኮነን ወይ ኣገዳሲ ኣይኮነን ዶ ትብል? ከምኡ እንተኾነ ንሰራሕተኛ ናይ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ነዞም ሓበረታታት ከመሓይሽልካ፡ ከውስኽልካ ወይውን ክድምስሰልካ ሕተት።

ናተይ ናይ ውልቂ ሓበረታ ንኩሉግዜ ክድምስሱለይ ከ ይከኣል ዶ?
ንሰራሕተኛ መዝገብካ ንኩሉ ግዜ ክድምስሶ ወይን ክፋል ናይ መዝገብካ ንኩሉ ግዜ ክድምስሶ ክትሓትት ትኽእል። ሳሕቲ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታታት ናትካ ናይ ውልቂ ሓበረታ ክዕቅብ ብሕጊ ግዱድ ክኸውን ይኽእል፡ ወይውን ናትካ ናይ ውልቂ ሓበረታ ብሙሉእ (ብክፊል) ክዕቅብ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል።

መዝገብይ ስጋብ መዓስ ይዕቀብ?
መዝገብካ ብዉሑድ ድሕሪ እቲ ምሳና ዝገበርካዮ ናይ መጨረሽታ ርኽክብ ን7** ዓመት ንዕቅቦ። ናይ ወረቐት መዝገብ እንተዳኣ ኣለካ ውን ካባና ክትወስዶ ትኽእል። እንተደኣዘይወሲድካዮ ሽው ንሕና መዝገብካ ኣብ ውሑስ ተዓቂቡ ከም ዝቕመጥ ንገብር። በዚ መንገዲ ናይ ውልቂ ሓበሬታኻ ኣይጠፍእን ከምኡውን ኣብ ኢድ ናይ ምስ ናትካ ሓበረታ ምትእስሳር ዘይብሎም ሰባት ኣይኣቱን።
(** 10 ዓመት ኣገዳሲ እንተኾይኑ፡ እዚ ብምኽንያት ናይ ገንዘባዊ ድጎማ)